# *ወግዓዊ ጽንብል መበል 23 ዓመት ናጽነት*
# *ኣብ ከተማ ከለን*
# *ብልዑል ሃገራዊ መንፈስ ተባዒሉ*

*ኤርትራውያን ተቐማጦ ከተማ ከለንን ከባቢኣን “ንርህው ጽባሕ - ሎሚ ንስራሕ” ብዝብል ቴማ መሪሕ ቴማ ብዕለት 24 ግንቦት 2014 ኣብ ከተማ ከለን መበል 23 ዓመት ጽምብል ሃገራዊ ናጽነት ብኣማኢት ኤርትራውያንን የዕሩኽቶምን ፡ ብብዝሒ መንእሰያትን ሕጻናትን ተቐማጦ ከተማታት ከለንን ከባቢኣን ከምኡውን ፡ ከንቲባ ከለን/ኮርቫይለር ወይዘሮ ቪትሳኽ ዩንግን ፡ ናይ ካቶሊክ መራሕ ሃይማኖት ፓስቶር ኖይንኪርሽ ካልኦት ወጻእተኛታት ዕዱማት ዝተሳተፍዎ ስነ-ስርዓት፡ ብድምቀትን ብውዕዉዕ ሃገራዊ መንፈስን ኣብዒሎም።*

*መደብ ብዝክሪ ሰማእታትን ናይ ዮሃና መልእኽትን ዝኸፍቶ ኣቦ መንበር ማ/ኮም ከለንን ከባቢኣን ኣቶ ኣስመላሽ ተስፋይ ፡ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ትርጉም በዓል ናጽነት ብጉዕዞ 23 ዓመታት ጥራይ ዘይኮነ፡ 60 ዓመታት ንድሕሪት ኣማዕዲኻ ዝግለጽ ፡ ኤርትራ ሃገርና ብጀጋኑ ደቃ ካብ ኣርዑት መግዛእቲ ሓራ ወጺኣ፡ ነቲ ማሕበራዊ ፍትሒ ዝብል መሪሕ ስነ-ሓሳብ ኣብ ግብሪ ብምትርጓም ን 23 ዓመታት ኣብ ሓያል ናይ ህንጸትን መኸተን ምፍሻል ዝተፈላለዩ ሸርሒታትን ሰለም ከየበለት ትረባረብ ዘላን ሃገር፡ ኮይና ፡ ኣብ ውሽጢ'ዚ ሓያል ሃገርን ቁጠባን ንምህናጽ ዝካየድ ዘሎ ዓበይቲ ልምዓታዊ መደባት፡ ኣብ ዓወትን ዘተኣማምን መጻኢ ብምርካብንና ድርብ ጽምብል ምዃኑ'ዩ። ስራሕና ክሰስንን ራእያትና ኣብ መፈጸምቱኡ ኽበጽሕን ፡ መኸተና ብኹሉ ሸነኻቱ ክሕይልን ፡ ነታ ህዝቢ ኤርትራ መዘና ኣልቦ ቅያን ጅግንነትን ፈጺሙ ዝረኸባን ዘውሓሳን ልዑል ናጽነት ሃገሩ ፡ ወትሩ ኣብ መትከሉ ጸኒዑ ልዑላውነት ሃገር ንኸይድፈርን ፡ ክብርታታትን ታሪኽ ህዝቢ ኤርትራ ናብ ውሉድ ወለዶ ንኽሰግጋር ግብራዊ ጻዕርታት ከነካይድ ናይ ነፍስ ወከፍ ኤርትራዊ ሓላፍነት ምዃኑ ክብል ተላበወ።*

*ስዒቡ ዋና ጸሓፊ ማ/ኮም ከለን ኣቶ መስፍን ዘርኣይ ናይ እንቋዕ ደሓን መጻእኩም ብቛንቋ ጀርመን ብድሕሪ ምቕራብ ፡ ተመሃሮ ማሕበረኮም ብመማህራኖም ኢንጅነር ርግበ ገ/ትንሳኤን ወ/ሮ ሽዋ ይሕደጎ ተሰንዮም ንዕለተ ናጽነት ተዳለወ ሃገራዊ ዜማታት ኣበርከቱ።*

*ከንቲባ ከለን/ኮርቫይለር ወ/ሮ ቪትሳኽ ዩንግ ድማ መበል 23 ዓመት ብዓል ናጽነት ኤርትራ ኣብቲ ንሰን ዘመሓድርኦ ቦታ ብምጽንባሉ ሕጉስቲ ምዃነንን ምሉእ ዓወት ናይቲ ጽንብል ከምዝምነያን ገሊጸን። ኣስዒበን ከንቲባ ከለን/ኮርቫይለር ኣብ ዛሃብኦ ቃል ፡ ምስ ዝተፋላልዩ ማሕበራት ካብ ዘገርኦ ተመክሮ ፡ ማ/ኮም ከለንን ካባቢኣን ኣብ ተፈላዩ ማህበራዊ ንጥፈታት ምምሕዳራት እቲ ቦታ ዕዉትን ኣብነታዊ ብምንባሩ ዕዙዝ ምስጋና ብድሕሪ ምቕራብ ፡ ብጥርናፈን ውዳቤ ኤርትራውያን ዝነኣድን ፍልዩነት ምህላዉን ፡ ንመጻኢ ሓቢርካ ናይ ምስራሕ ምሉእ ድልየት ከምዘለወን ገሊጸን።*

*ወ/ት ቪቭያን ብርሃነ ጸሓፊት ህ.ግ.ደ.ፍ. ጉጅለ ከተማ ከለን ብወገና ኣብ ታሪኽን ቃልስን ህዝቢ ኤርትራ ዘቶከረ ሰፊሕ ኣስተምህሮ ብቛንቋ ጀርመን ዝሃበት ፡ ኣብ መግለጺኣ ንንጥፈታት መንእሰያት ኣብ ኣውሮጳ ኣመልኪታ : መንእሰያት መቐጸልታ ታሪኽ ወለዶም ኮይኖም ኣብ ውሽጥን ኣብ ወጻኢን ኣብ ዘተኣማምን ደረጃ በጺሖም ከምዘለዉ : ከም ኣብነት ናይ ዝሓልፉ 10 ዓመታት ብድሙቕ ዓወት ዝተሰላሰሉ ዋዕላ መንእሰያት ብድሕሪ ምግላጽ ፡ መቕጸልትኡ'ውን ንመበል 11 ዋዕላ ኣብ ጀርመን ከካየድ ምኻኑን ንምዕዋቱ ጻዕርታት ይካየድ ከምዘሎን ሓበረት።*

*እቲ ብምቕራጽ ቶርተን ምኽፋት ሻምፓኝን ብካብ ኩለን ሃገራውያን ሓይልታትን ጉጅለታትን ብዝተዋጽኡ ውሁዳት ሽማግለታት ከተማ ከለን ምስተኻየደ ውዕዉዕ ጣቕዒትን እልልታን ሰዒቡ፡ ብወናም ድምጻዊ ኣቶ ሃብቶም መሓሪን ብኣጋጣሚ ኣብቲ በዓል ዝተሳተፈ ስነጥበበዊ ኣቶ በርሀ ጊለ ናብ ወኒ ሰባት ክቕስቕስ ምስትምቓር ሙዚቃን ሳዕስዒትን እስክስታን ተኣትዩ ። ከምኡ'ውን ብህዝብን መንግስትን ኤርትራ ንዝሰላሰል ዘሎ ናይ መኸተን ልምዓትን መደባት ብምምጓስ፣ ኣንጻር ሃገርም ንዝካየድ ኩለንትናዊ ተጻብኦታት ንምፍሻል፣ ከምኡ'ውን ኣብ ጎኒ ህዝቦምን መንግስቶምን ተሰሊፎም ካብኦም ዝሕተት ከማልኡ ቅሩብነቶም ዘረጋጽ ዝትሕዝቱ ሃገራዊ መልእኽቲ ዝሓዘሉ ግጥምታት ብመንእሰይ ወ/ት ኣርሴማ ፍጹም ፣ ብወ/ሮ ዮዲት ስቲፋኖስን ፣ ብወ/ሮ ኣልማዝ ተስፋማርያምን ብምብርካት ነቲ ድምቀት ዝያዳ ፍናን ሃቦ። ኣባላት መንእሰያት ህ.ግ.ደ.ፍ. ከለንን ከበባቢኣን ድማ ኣብ መድያን ተፈላላአዩ ንጥፈታት በዓል ብምውሳእ ዓቢ እጃም ኣወፍዮም።*

*በዚ ኣጋጣሚ ምጽንባል ዝኽሪ መበል 40 ዓመት ምጅማር ሓድነታዊ ምትእኽኻብ ኤርትራውያን ኣብ ቦሎኛ ኣመልኪቱ ፡ ቦታ ሪም ተስፋን ብሩህ መጻኢ ሓርነትን ልምዓትን፡ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ወጻኢ መታን ኪጸንዕን ዘይተርፍ ዓወቱ ከም ዝጭበጥ ሓቦን ኒሕን ዘስነቐት፣ ኣደ ጽንዓት ኮይና፡ ጽንዓት ህዝቢ ዘመስከረት ትእምርተ-ትእምርቲ ከተማታት ዓለም ዝኾነት ከተማ ቦሎኛ ፡ ተዘክሮታት ዝሓለፉ ፌስቲቫላት ከሐድስ፣ ብራሕቂ ቦታ ንነዊሕ ግዜ ዝተራራሓቑ ሓድነታውያን ገጻት ኪራኸባን ተመስጦታተን ከዘንትዋን ኩሉ ኤርትራዊ ኣብ 04-06/07/2014 ኣብ ዝካየድ መደብ ብኽብሪ ይዕደም ምህላዉን፡ ኣድላይ ሐበሬታን ዝካየድ ዘሎ ምድላዋት መግለጺ ተዋህበ።*

*ኣብ መደምደምታ ሽማግለ ማሕበረኮም ከለንን ከባቢኣን ነዚ ክቡር በዓልና ምዕሩግን ውቁብን ንኽከውን ብቕንያቱ ብተወፋይነት ንዝተሓባበሩ ሃገራውያን ወዳቤታት ከለንን ውልቀ ሰባትን ፡ ምምሕዳር ከተማ ከለን ኮርቫይለርን ከምኡ ውን ካብ ከባቢ ከተማታት ከለንን ከባቢኣን በዓል ናጽነት ንምምዕራግ ብጥርንፉን ብወልቀን ንዝመጹ ብሽም ማሕበረኮም ከለንን ከባቢኣን ዕዙዝ ምስጋናይ ብድሕሪ ምቕራብ ፤ ተኻፈልቲ ብዓል ከም ወትሩ ብውህደትን ስኒትን ፍቕርን ምትሕቛቑፍን ኣስተማቒሮም፡ ተረኣእዮም ከይተጸገቡ ብምፍልላይ ፡ ወግዓዊ ጽንብል መበል 23 ዓመት ናጽነት ኣብ ከተማ ከለን ብዉዕዉዕን ልዑል ሃገራዊ መንፈስ ተባዒሉ ።*

*“ንርህው ጽባሕ፡ ሎሚ ንስራሕ”*

*ዘልኣለማዊ ዝኽሪ ነቶም እዛ መዓልቲዚኣ ንኽትህሉ ዝገበሩ ሰዉኣትና*

*ክፍሊ ሓበሬታ*

*ማሕበረ-ኮም ከለንን ከባቢኣን*

*ከለን 25. 05.2014*